# መግለጺ ምስጢራውነት BELTA-TBnet

*ንመወዳእታ ግዜ ዝተመሓየሸ 8 ኖቨምበር 2024*

እዚ መግለጺ ምስጢራውነት ብመሰረት ዓውዲ BELTA-TBnet ፕሮጀክት ናይ “ማሕበር ሳንቡእን ትዩበርክሎሲስን ቤልጅየም” ንመስርሕ ምክያድ ውልቃዊ መረዳእታኹም ይቆጻጸር፤ እዚ ማሕበር ብመሰረት ሕጊ ቤልጅየም ቁጽሪ ኩባንያ 406520466 ዘለዎ ኮይኑ፣ ኣብ Hoogstraat 290, entrance 807A 1000 Brussels ዝርከብ ኩባንያ እዩ፤ (ካብዚ ንደሓር፦ “BELTA-TBnet”)።

BELTA-TBnet ንምስጢራውነትኩም ብዓብይ ኣገዳስነት ይርኢ ከምኡ’ውን ውልቃዊ መረዳእታኹም ብሕጋዊ፣ ፍትሓዊን ግልጺን ኣገባብ ከካይድ ይደሊ። መረዳእታኹም ምሉእ ንምሉእ ብመሰረት ተፈጻምቲ ሕጊታትን መምርሒታትን ንሓፈሻዊ መምርሒ ሓለዋ መረዳእታ (GDPR) ሓዊሱ ንሕዝ። እዚ መግለጺ ምስጢራውነት፡ BeltaTB ብዛዕባኹም ውልቃዊ መረዳእታ ብኸመይ ከምዘካይድ ይገልጽ።

ነዚ መግለጺ ምስጢራውነት ብጥንቃቐ ክተንብብዎ ንላቦ። እዚ፡ ውልቃዊ መረዳእታኹም ብኸመይ ከም እነካይድን ኣየኖት ኩኪስ ከምእንጥቀምን ብዝምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ይሕዝ። ውልቃዊ መረዳእታኹም ኣብ መርበብ ሓበሬታና ብምክፋል፣ ብኢመይል/ቴለፎን ንዓና ብምርካብ ወይ ሕቶ/ጥርዓን ብምቕራብ፣ ነዚ መግለጺ ምስጢራውነት ከምዝተቐበልኩም ተረጋግጹ።

## Artikel 1 ውልቃዊ መረዳእታ እንታይ እዩ?

ውልቃዊ መረዳእታ፡ ከም መጠን ሓደ ሰብ ብዛዕባኹም ዝኾነ ክፋል ውልቃዊ ሓበሬታ እዩ። እዚ ሽምኩምን ዝርዝር ሓበሬታ ርክብኩምን፣ ዝተወለድክምሉ ዕለት፣ ስእልኹም ከምኡ’ውን ንኣብነት ናይ ኢመይል ኣድራሻኹም፣ ናይ ቴለፎን ቁጽርኹም ወይ ሕክምናዊ መረዳእታኹም ሓዊሱ ናትኩም ወይ ምሳኹም ዝተኣሳሰር ዝኾነ ካልእ መረዳእታ ከጠቓልል ይኽእል።

ውልቃዊ መረዳእታ ምክያድ ማለት ዝኾነ ኣሰራርሓ ወይ እኩብ ኣሰራርሓታት ውልቃዊ መረዳእታ ማለት እዩ። እዘም ኣሰራርሓታት ብንጹር ዝፈላለዩ ኮይኖም፡ ነዚ መረዳእታ ምእካብ፣ ምኽዛን፣ ምጥቃም፣ ምምሕያሽ፣ ምምሕልላፍን ክሳብ ምድምሳስ ዝበጽሕን የጠቓልሉ።

## Artikel 2 ብዛዕባኹም እንታይ ኢና እነካይድ?

BELTA-TBnet ከም መጠን ሓደ ተሓካሚ ብዛዕባኹም ነዚ ዝስዕብ ውልቃዊ መረዳእታ ብመሰረት ዓውዲ ስርሑ የካይድ፦

*ንምሕደራ ፋይላት ተሓካሚ*

ኣብ ናትና ፕሮጀክት BELTA-TBnet ብሓኪምኩም፣ ነርስኹም ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኹም እንተተመዝጊብኩም ኣብ ፕሮጀክትና ክንምዝግበኩምን ፋይልኩም ንምምሕዳርን ውልቃዊ መረዳእታኹም ንጥቀም። እዚ፡ ናይ ክፍሊት ሕሳባትኩም፣ ሕክምናዊ ክንክንኩምን መድሓኒታትኩምን ገንዘብ ንምምላስ ንምውዳድ ኣድላዪ እዩ።

ሓኪምኩም ውልቃዊ ሓበሬታኹም ክህበና/ክትህበና ሕጋዊ ግዴታ ስለዘለዎ/ዋ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ካብ ሓኪምኩም ንቕበል። ፋይልኩም ክሳብ ዝዕጾ ውልቃዊ መረዳእታኹም ንጥቀም፤ እንተኾነ ግን እንድሕር ንኣብነት ወረቐታት ክፍሊት መጺኦም ወይ እንደገና እንተተመዝጊብኩም ዳሕራይ እውን ውልቃዊ መረዳእታኹም ክንሪኦ ንኽእል።

ካብ ውልቃዊ መረዳእታኹም ብተወሳኺ ሕክምናዊ መረዳእታኹም እውን ንቕበል፤ ንኣብነት ሕክምናዊ ክንክንን ውጽኢታቶምን።

*ወረቐታት ክፍሊት ንምኽፋል*

ንሕክምናዊ ክንክንኩምን ወረቐታት ክፍሊትኩምን ንምኽፋል ፋይናንሳዊ መረዳእታኹም ነካይድ፤ ንኣብነት ናይ ባንክ ሕሳብኩም ቁጽሪ፣ ሽምን ኣድራሻን። እዚ ሓበሬታ ከም መጠን ተሓካሚ ዘለኩም ወረቓቕቲ ክፍሊት ኣብ ክንዳኹም ንሳልሳይ ወገናት ንምኽፋል፣ ወይ ንዓኹም ከም መጠን ተሓካሚ ንዘለኩም ናይ ስራሕ መካየዲ ወጻኢታት ንጥቀም። እዚ ሕጋዊ ግዴታ እዩ። ናይ ክፍሊት ወረቓቕትኹም ብነርስ እንተተላኢኹ እቲ ሆስፒታል ብዛዕባ እዚ ሓበሬታ ክህበኩም እዩ።

ፋይናንሳዊ መረዳእታኹም ካብ ኣገልግሎታት ሕሳብ ምኽፋል፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ወይ ነርስታት ንቕበል፤ ምኽንያቱ ናባና ክልእኽዎ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም፤ እዚ መረዳእታ ን 8 ዓመታት ይዕቀብ።

*ክህሉ ዝኽእል ምምላስ ገንዘብ ንምርግጋጽ*

ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት፡ ምምላስ ገንዘብ ንምርግጋጽ ተወሳኺ ሕክምናዊ ሰነዳት ካብ ነርስ ወይ ሓኪም ንሓትት። እዚ፡ እቲ ምምላስ ገንዘብ ብመሰረት እቲ ዝቖመ ፕሮቶኮል ከምዝተገበረ ንምርግጋጽ ከምኡ'ውን እዚ ምስቲ ናይ ገንዘብ ምምላስ ዝተፈለየ ኩነት ዝትግበር ውሳነታት ዝሰማማዕ እንተኾይኑ ንምርግጋጽ ነካይዶ። ነዚ ዕላማ 'ዚ ኢልና ንኣብነት ውጽኢታት ላቦራተሪን ጸብጻባት ናይ ሆስፒታል ጻንሒትን ንሓተኩም። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ነርስ ነዚ ሓበሬታ ንምርካብ ሕቶ የቕርብ።

እዚ ሓበሬታ ካብ ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕና ንቕበሎ፤ መረዳእታ ድማ ን 30 ዓመታት ይዕቀብ።

*ናይ ተሓከምቲ ጉዳያት ምስ ናትና ጉጅለ ሰብ ሞያ ንምልውዋጥ።*

እቲ ዝበለጸ ዝከኣል ሕክምናዊ ክንክን ንምቕራብን ቀጻሊ ሕክምናዊ ክንክናት ንምምሕያሽን ናይ ተሓከምቲ ጉዳያት ምስ ናትና ጉጅለ ሰብ ሞያ ንለዋወጥ። እዚ ጉጅለ ሓካይም፣ ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕናን ሰብ ሞያ ስታቲስቲክስን የጠቓልል። እዚ ጸባጸባት ንምድላውን ጽሬት ናይቶም ሕክምናዊ ክንክናት ንምርግጋጽን ንጥቀመሉ። እቶም ንዘተ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ናይ ተሓካሚ ፋይላት ሽም ዘይግልጸሎም እዮም፤ ስለዚ ውልቃዊ መረዳእታኹም ኣይካፈልን። እዚ መረዳእታ ን 30 ዓመታት ይዕቀብ።

*መርበብ ሓበሬታና ክትበጽሑ እንከለኹም*

መርበብ ሓበሬታና እንተበጺሕኹም ፍቓድኩም ምስረኸብና ኲኪስ ብምቕማጥ ናይ በጻሓይ መረዳእታ ክንእክብ ንኽእል ኢና። ብዛዕባ ኲኪስ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ዓንቀጽ 6 ናይዚ መግለጺ ምስጢራውነት ምርካብ ይከኣል።

BELTA-TBnet ንኹሎም መካየዲ ኣሰራርሓታት ከም መጠን ተሓካሚ ምሳኹም ቀጥታዊ ርክብ የብሉን። እቲ ኣድላዪ መረዳእታ ብሓካይም ወይ ብነርስታት ይእከብ። ከም መጠን ተሓካሚ ብዛዕባ እቲ ብብሮሽራትን ናብ መርበብ ሓበሬታ BeltaTB ብዝመርሕ መላግቦን ዝእከብ መረዳእታ ነርስታትን ሓካይምን ብትኽክል ክሕብሩኹም ከምዘለዎም BELTA-TBnet ይሕብሮም።

ከም መጠን ተሓካሚ ናብ info@belta.be ኢመይል ብምልኣኽ ኩሉግዜ ፋይልኩም ክትረኡ ወይ ቅዳሕኡ ክትሓቱ ትኽእሉ

## Artikel 3 ውልቃዊ መረዳእታኹም መን ይቕበል?

መረዳእታኹም ኣብ ፕሮጀክት BeltaTB ንዝሳተፉ ዝምልከቶም ወገናት ጥራሕ ከካፍል እዩ። ስለዚ መረዳእታኹም እቶም ናይ ባዕሎም ተሓከምቲ ጥራሕ ክረኽቡ ዝኽእሉ ነርስታት VRGT ን FARES ን ጥራሕ ክረኽብዎ ይኽእሉ። ውልቃውን ሕክምናዊን ሓበሬታኹም ካብዚ ንላዕሊ ኣይክካፈልን እዩ።

ብርግጽ ውልቃዊ መረዳእታኹም ንሳልሳይ ወገናት ብንግዳዊ ምኽንያታት ፍጹም ኣይነመሓላልፍን።

ቀጻልነት ኣገልግሎታትና ውሑስ ንምግባር ሓደ ሓደ እዋን መረዳእታኹም ኣብ ውሽጢ ጉጅለና ምስ ዘለዉ ካልኦት ኣካላት፣ ምስ ሓካይም፣ ኣቕረብቲ ክንክን ጥዕናን ኣቕረብቲ ክንክን ወይ ምስ መንግስቲታት ነካፍሎ ኢና። ኣብ ከምዚ ኩነት ክንዲ ዝተኽኣለ ኣቐዲምና ክንሕብረኩም ኢና፤ እንተኾነ ግና እዚ ኣብ ኩሉ ኩነታት ብቴክኒካዊ ኮነ ንግዳዊ መዳይ ዘዋጽእ ኣይኮነን።

BELTA-TBnet ንሰፊሕ ምሕደራን፣ ኣይቲን ኣካውንቲንግን ፍሉይ ኣገልግሎታት ንምቕራብ ደጋዊ መካየድቲ (ፕሮሰሰራት) እውን ይጥቀም። ዝተመሓየሸ እዋናዊ ዝርዝር ናይ ውልቃዊ መረዳእታ እነካፍሎም ደጋዊ መካይድቲ ንምርካብ፦ info@belta.be ።

BELTA-TBnet ብመሰረት ተፈጻምቲ ሕግታት ሓለዋ መረዳእታ መካየድቲ ብጥንቃቐ ክመርጽ እዩ። ብተወሳኺ BELTA-TBnet እቲ መስርሕ ምክያድ ብመሰረት ድንጋገታት ናይ ዝኾነ ዝተጽሓፈ ውዕሊ ከምኡ'ውን ሕጋዊ መምርሒታት ናይ ዓውዲ መስርሕ ምክያድ መረዳእታን ከምዝተጸፈመ ከረጋግጽ እዩ።

ኣውሮጳውያን ኣቕረብቲ ብዝለዓለ ንምጥቃም ኩሉ ግዜ ንፍትን፤ ኣብ ኣውሮጳውያን ዘይኮኑ ሳልሳይ ወገናት ክንምርኩስ እንተኾይንና ግና መረዳእታኹም ከምቲ ኣብዚ ኣብ ኣውሮጳ ካብ ኣውሮጳ ወጻኢ እውን ውሑስ ምዃኑ ነረጋግጽ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ምስዘም መሻርኽቲ ስታንዳርድ ናይ ውዕሊ ዓንቀጻት ንዛዝምን ተወሳኺ ውሕስነታት ንህብን።

ኣብ ሳሕቲ ኩነታት ብመሰረት ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ወይ ካልኦት ግዴታዊ ሕግታት ወይ መምርሒታት ንምኽባር ውልቃዊ መረዳእታ ክንገልጽ ክንግደድ ንኽእል ኢና። ብናይ ሕጊ ምኽንያት ዘይከኣል እንተዘይኮይኑ ክንድቲ ዝበለጸ ዝኽኣልናዮ ኣቐዲምና ክንሕብረኩም ንፍትን።

## Artikel 4 ንሓለዋ ውልቃዊ መረዳእታኹም ብዝምልከት መሰላትኩም እንታይ እዮም?

ከም መጠን ሓደ መረዳእታ ዝምልከቶ ውልቀሰብ እቶም ኣብ GDPR ዝተገለጹ ኩነታት እንተተማሊኦም እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለኩም:-

- ሓበሬታ ብዛዕባ ውልቃዊ መረዳእታኹም:- ብዛዕባ ውልቃዊ መረዳእታኹም ከምኡ'ውን እቲ ውልቃዊ መረዳእታኹም ከመይ ከም እንጥቀመሉ ኣብ ዝኾነ እዋን **ብናጻ ናይ ምፍላጥ** ወይ ቅዳሕኡ ናይ ምሕታት መሰል ኣለኩም።
- መኣረምታን ድምሰሳን:- መረዳኣታኹም **ናይ ምምሕያሽ** ወይ (ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት) **ናይ ምውጋድ** መሰል እውን ኣለኩም።
- ምግዳብ መስርሕ ምክያድ:- ኣብ GDPR ኣብ ዝተዘርዘሩ ብርክት ዝበሉ ኩነታት ናይ መረዳእታኹም መስርሕ ምክያድ **ንክግደብ** ክትሓትቱ እውን ትኽእሉ ኢኹም።
- መስርሕ ምክያድ ውልቃዊ መረዳእታኹም ንምቅዋም:- ንክትቃወሙ ዘኽእል ካብ ውልቃዊ መረዳእታኹም ናይ ምክያድ ድሌትና ዝዛይድ ከቢድን ቅቡልን ምኽንያታት ወይ **ፍቓድ ናይ ምስሓብ** ሕሉፍ ምኽንያት እንተሃልይኩም ኣንጻር መስርሕ ምክያድ ውልቃዊ መረዳእታኹም **ናይ ምቅዋም** መሰል እውን ኣለኩም። መዓላነት ውልቃዊ መረዳእታኹም ንቀጥታዊ ዕላማታት ዕደጋ ናይ ምቅዋም መሰል ኩሉግዜ ኣለኩም፤ ዋላ ነዚ ዝኸውን ምክንያት ከየቕረብኩም።
- መረዳእታኹም ምምሕልላፍ:- ውልቃዊ መረዳእታኹም **ብድጂታልን ተነባቢን ኣገባብ** ናይ ምሕታት ከምኡ'ውን/ወይ ናብ ካልኦት ሓላፍነት ዘለዎም ሳልሳይ ወገናት ናብ ካልእ ዝመረጽኩሞ ኣቕራቢ ኣገልግሎት **ንክመሓላለፍ** መሰል ኣለኩም።

ካብዞም መሰላት ዝኾነ ክትጥቀሙ ምስ እትደልዩ ክንዲ ዝተኽኣለ ብንጹር ኣፍልጡና። መሰልኩም ኣብ ትጥቀምሉ እዋን BeltaTB ካልእ ሰብ ንዓኹም መሲሉ ከይቐርብ ንምክልኻል መንነትኩም ከረጋግጽ ክኽእል ኣለዎ። በዚ ምኽንያት እዩ መንነትኩም ነረጋግጽን ንሓትትንኩሉግዜ ቅዳሕ ናይ ቅቡል መለለዪ መንነት ኣቕርቡ። ብኢመይል ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም፤ ናብ **info@belta.be** ናብ እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ:- BELTA-TBnet, Attn. Data Protection Officer, Hoogstraat 290 box 807A 1000 Brussels.

ኣብ መወዳእታ ብመሰረት ሓደ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ መሰላት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲታት ንሕቶኹም ብግቡእ ምላሽ እንተዘይሂብና ናብ በዓል መዚ ሓለዋ መረዳእታ ቤልጅየም **ጥርዓን ክተቕርቡ** መሰል ኣለኩም።

ተቐቢሉ / APD
Drukpersstraat 35
1000 Brussels
ቴለፎን :- +32 (0)2 274 48 00
contact@apd-gba.be

ካሕሳ ንምሕታት ናብ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ እውን ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም።

## Artikel 5 ውልቃዊ መረዳእታኹም ብኸመይ ንሕልዎ?

ድሕንነት ውልቃዊ መረዳእታኹም ውሑስ ንምግባር ግቡእ ቴክኒካዊን ውዳበኣዊን ናይ ድሕንነት ስጉምቲታት ወሲድና ኣለና። ንኣብነት ናትና ሰርቨርን ሶፍትዌር መሳርሒታትን ብሽም ተጠቃማይን ቃል-ይሕለፍን ይሕለዉ፣ ገደባት ተጠቃምነት ይትግበሩ ከምኡ'ውን ብዝተኸኣለ ኢንክሪፕሽን (ምስጢራዊ ኣሰፋፍራ) ነተግብር። ሓለዋ መረዳእታ ብዝምልከት ንሰራሕተኛታትና ስልጠና እውን ንህብ፣ ውሽጣዊ መምርሒታት ድሕንነት መረዳእታ ኣለና፣ ከምኡ'ውን ብመልክዕ ዝተሓደሰ እዋናዊ ኣንቲ-ቫይረስን ፋየርወል ድሕንነትን ግቡእ ድሕንነት ንወስድ።

ብሰንኪ ዘይቅኑዕ ወይ ዘይሕጋዊ ብሳልሳይ ወገን ዝግበር ተጠቃምነት ውልቃዊ መረዳእታ ዝመጽእ ዝኾነ ቀጥታዊ ወይ ዘይቀጥታዊ ጉድኣት፡ BELTA-TBnet ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ተሓታቲ ክኸውን ኣይክእልን።

## Artikel 6 ኩኪስ

መርበብ ሓበሬታና ኩኪስን ተመሳሳሊ ቴክኖሎጂታትን ይጥቀም። እዚ መርበብ ሓበሬታና ኣብ እትበጽሕሉ እዋን ዝሓሸ ተሞክሮ ተጠቃማይ ንክነቕርብ ይሕግዘና፤ መርበብ ሓበሬታና ዝበለጸ ወጽኢት ዘለዎ ንምግባር እውን የኽእለና። ብዘይ ዝቐደመ ፍቓድኩም ብጥብቂ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኩኪስ ጥራይ ነቐምጥ። እቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ዝርዝር ኩኪስ ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ መርበብ ሓበሬታና ዝጥቀመሎም ኩኪስ ይህበኩም።

### ዝርዝር ኩኪስ

ሓደ ኩኪ ሓደ መርበብ ሓበሬታ (ተጠቃማይ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን) ከም ናይ ቋንቋ ምርጫኹም ወይ መእተዊ ሓበሬታኹም ዝኣመሰሉ ብዛዕባኹም ሓበሬታ ንምዝካር ኣብ ንብረትኩም ክኻዝኖ ዝደሊ መረዳእታ ዝሓዘ ንኡሽቶይ ናይ ጽሑፍ ፋይል እዩ። እዞም ኩኪስ ብኣና ዝተቐመጡ ኮይኖም ውሽጣዊ ኩኪስ ይበሃሉ። ደጋዊ ኩኪስ እውን ንጥቀም፣ ማለት ካብቲ ዘለኹሞ ወጻኢ ካብ ካልእ ዓውዲ ዝመጹ ኩኪስ እዮም። ብጥብቂ ኣድለይቲ ኩኪስን ካልኦት መከታተሊ ቴክኖሎጂን ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ጥራሕ ንጥቀም:-

### ብጥብቂ ኣድለይቲ ኩኪስ

እዞም ኩኪስ፡ መርበብ ሓበሬታና ብትኽክል ንክሰርሕ ኣድለይቲ እዮም፤ ስለዚ ድማ ብዘይፍቓድኩም ይቕመጡ። ንኣብነት መርበብ ሓበሬታና ድሕንነቱ ውሑስ ንምግባር ንጥቀመሎም። በዞም ኩኪስ ውልቃዊ መረዳእታ ኣይንክእክብን፤ ነቲ ዝተኣከበ ሓበሬታ ድማ ናብ ሳልሳይ ወገናት ፈጺምና ኣይነመሓላልፍን።

| ሽም ኩኪ | ምንጪ | ተግባር | ዝዕቀበሉ ግዜ |
|---|---|---|---|
| c05317a677e0b3f0845b6c7054fe016f | BELTA-TBnet | ድሕንነትን ግቡእ ኣሰራርሓን ናይቲ መርበብ ሓበሬታ | ክፍለ ግዜ |
| | | | |

ካልኦት ኩኪስ ብመርበብ ሓበሬታና ኣቢሎም ይቕመጡ ከምዘለዉ እንተኣስተብሂልኩም ኣድላዪ ምትዕርራያት ክንገብር ስለዘኽእለና ብቕልጡፍ ስለ እትሕብሩና ክነመስግነኩም ንፎቱ።

ብሳልሳይ ወገናት ዝቕመጡ ኩኪስ ብዝምልከት ክንዲ ዝተኽኣለ ብዙሕ ሓበሬታ ንህበኩም። ዝያዳ ክትፈልጡ እንተደሊኹም ናይቶም ሳልሳይ ወገናት መግለጺታት ምስጢራውነት ኣብ ነናይ ባዕሎም መርበባት ሓበሬታ ክትውከሱ ክንሕብረኩም ንፎቱ። በጃኹም ኣስተብህሉ፦ ኣብ ትሕዝቶ ናይቶም መግለጺታት ኮነ ኣብ ትሕዝቶ ናይ ሳልሳይ ወገናት ኩኪስ ዝኾነ ጽልዋ የብልናን።

መርበብ ሓበሬታና ንመጀመርታ እዋን ኣብ እትበጽሕሉ እዋን ናትና ኩኪስ ክትቅበሉ ክትሕተቱ ኢኹም። ብድሕሪኡ ምርጫታትኩም ኣብ ዝኾነ ኣዋን ክተመሓድሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ መስርሕ ምክያድ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ተወሳኺ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት እንተሃልኩም ብኢመይል ናብ info@belta.be ወይ ብፖስታ ናብ nv BELTA-TBnet, Attn. the Data Protection Officer, Hoogstraat 290, entrance 807A, 1000 Brussels ክትረኽቡና ንላቦ

ብዛዕባ ኩኪስ እውን ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፤ ኣብ፦ www.allaboutcookies.org.

ብዛዕባ ኦንላየን ባህርያዊ ምውዕዋዕን ኦንላየን ምስጢራውነትን ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ፦ www.youronlinechoices.eu.